# ፍፃመታት ድሮ ብሩር እየበልዩ ግንቦት 20 ትግራይ

## ብዘስላሰ ግደይ (መቐለ)

***ንትምክሕትን ፀበብትን ስዒሩ ወግዋሳ ሰላም ልምዓትን ዴሞክራስን ክበርህ ዝገበረ ህዝቢ ትግራይን መሪሕ ውድቡን ዓወታቱ እናስተማቐረ ጉድለታት ሰናይ ምምሕዳር ንምእራም ዝገብሮ ዘሎ ቀፃሊ የካይድ አሎ። ምንጪ ሓበሬታ ሪፖርተራት መቓልሕ ትግራይን ፋና ኤፍ ኤም መቐለን እንትኾኑ ገሊኡ ድማ ባዕለይ ካብ ዝተረኽብኩሉ ብፎቶግራፍ ዝተደገፈ ፍፃመታት ድሮ ግንቦት ብሩር እየበልዩ ግንቦት 20 ከምዝስዕብ ሒዘልኩም ቀሪበ አለኹ።***

I. **ህዝቢ ዞባ ምዕራብን ግንቦት 20ን ቀፃሊ ተስፋን**

***'ፋብሪካ ሽኮር ወልቃይት እንትዛዘም ዘመናዊ መስኖ ክጋፋሕ፣ ተመጋገብቲ ትካላት ክሰፍሕ፣ ፋብሪካ ቀለብ እንስሳ ክትከል ብምኽንያት እዚ ድማ አብ ትግራይ ዓበይቲ ከተማታት ክፍጠራ ምኺነን ተዛሪቦም። ናይ ሻዕቢያ ሕልምታት ሙሉእ ብሙሉእ ኣቃቢፅና ግድባት መስኖ ክስርሑ፤ኣግሮ ፕሮሰሲንግ ፓርክ ኣብ ጎልጎል ሑመራ ክትከል፤ ኤክስፖርት ክሳለዋ፤ ካብ ፀገዴ ንምብራኽ ማይ ጋባ ብዓዲ ሕርዲ፣ ንምዕራብ ናብ ባዕኸር፣ መንገዲ ኣስፋልት ከምዝጋፋሕ፤መስተ ማይ፣ ቴሌ፣ መብራህቲ፣ቱሪዝም፣ዓብዩ ትኹረት ተዋሂቡዎ ክስራሕ ምኺኑ ተዛሪቦም።ህዝቢ ምዕራብ ትግራይ ኣብቶም ስራሕቲ ልምዓትን ምንጋስ ሰናይ ምምሕዳርን ከም ቀደሙ ክድግፍ ፀዊዖም።' ርእሰ ምምሕዳር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ አይተ አባይ ወልዱ***

ዑደትን ትሃድሶን ነበርቲ ወረዳታት ፀገዴ፣ ወልቃይት፣ ቃፍታ ሑመራን ሑመራን








**’እንኳዕ‶ኳ ተጋሩ ኾንና ዘበለ ዑደት እዩ”**

**ካብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ወረዳታት ፣ወልቃይት ፣ ፀገዴ፣ቃፍታ ሑመራን ሰቲት ሑመራን ዝተወከሉ ልዕሊ 400 ዝኾኑ ወከልቲ ህዝቢ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ዑዶቶም ዛዚሞም ብብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትገራይ ኣብ ዝተዳለወሎም እንግዶት ድራር እንኳዕ እኳ ተጋሩ ኾንና ዘበለ ዑደት እዩ ነይሩ ክብሉ እዮም ገሊፆምዎ ነቲ ኣብ ዞባታት ምዕራብ ፣ ሰሜን ምዕራብ፣ ማእከል፣ ምብራቕ፣ ደቡብ ምብራቕን መቐለን ዘገበርዎ ዑደትን ዝርኣይዎ ስራሕቲ ልምዓትን ።**

*መንግስቲ ካብ ስትራቴጂ ሓምለዋይ ቁጠባ መበገሲ ጌሩ ከባቢታት ክሓውዩን ክልወጡን፤ ናይዚ ውፅኢት ድማ መስኖ ክጋፋሕን መፍረያይነት ክዓብን፤ ሓረስቶት ትግራይ ዘበናዊ ቴክኖሎጂ ተጠቒሞም መፍረያይነቶም ክውስኽን ንዕዳጋ ዓለም ዝውዕል ፍርያት ኣፍርዮም ንነብሶምን ንሃገርን ልዑል ሽርፊ ወፃኢ ንምርካብ ክኽእሉ ዝሓንፀፆ ስትራቴጂ ብተግባር ንምርኣይ ምብቃዕና ሕጉሳት ኢና ክብሉ እዮም ብ ወከልቶም ኣቢሎም ኣብቲ መድረኽ ዝገለፁ።*

*መንግስቲ ኢንዳስትርያላዊ ምዕባለ ንምርግጋፅ ዝተጉዓዞ ነዊሕ ርሕቐት፤ ኣብ ትግራይ ተፈጢረን ዘለዋ ትካላት ኢንዳስተሪ ዉለቀ ሰብ ሃፍትን ትእምትን ኣብ ምፍጣር ዕድል ሽቕሊ ኮነ መፃኢ ብሩህ ዘበን እዛ ሃገር ካብ ብሕዚኡ የበስራ ምህላወን ምዕርኣይና ኣሐጒስና እዩ።እንኳዕ ` ኳ ተጋሩ ኮንና ፣እንኳዕ መስዋእቲ ጀጋኑ ሰማእታትና ከንቱ ኣይተረፈ፤ ዓወት* 20 *ጉንበት ፍረ ኣፍርዩ ኣብ* 25 *ዓመታት ናብ ከምዚ ዝኣመሰለ መድረኽ ምብቃዕና ብትግራዋይነትና ዝያዳ ክንኮርዕ ጌሩና እዩ ክብሉ እዮም ተዛሪቦም።*

*ይኹን እምበር ኣሽምባይዶ ሕዚ እቲ ይካየድ ዘሎ ልምዓት ብ ዓይንና ሪኢና ፤እቲ ቀደም ብቴሌቪዥን እንዳርኣና እንትንሕጎስ ፀላእትና ዘየለ ልምዓት ይንገረና ከምዘሎ፤ እዛ ሃገር ናብ ምፍራስን ምብትታንን እያ ተምርሕ ዘላ ኢሎም ርካሽ ፕሮፓጋንዳ እንትነዝሑና እውን መኪትናዮም ኢና።*

*ሕዚ እውን እዛ ሃገር ቢልዮናት እናፍሰሰት ልምዓት ተረጋግፅ ዘላ ምኻና፤ ተስፋ ዘለና ሃገር፤ ተስፋ ዘለና ተጋሩ ኢትዮጵያውያን ምኻንና ሕዚ እውን ብሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ንምምካት ከምቀደምና ድልዋት ኢና ክበሉ እዮም ኣረጋጊፆም።*

*ትግራዋይ ኣብ ዘበነ ኣክሱም ግዙፍ ስልጣነ ዝሰርሐ እንትኾን ንሕና ድማ ኣብ ዘበንና ንወለዶ ዝሰግር ቅያ ልምዓት ሰሪሕና ክንሓልፍ ኣብ ቃልሲ ኣንፃር ድኽነት ምህላውና ከም ተጋሩ ዘሐጉሰናን ዘኩርዓናን እዩ ዝበሉ እዞም ዑደተኛታት ብፍላይ ተጋሩ ካብቲ ፃዕራማትን ሰራሕቲ ታሪኽ ምኳንና እቲ ኣቀባብላ ጋሻና ከም ቀደሙ እዩ ዘሎ እዙይ ድማ ኣብ ዝበፃሕናዮ ከባቢ ዝተገበረልና ኣቀባብላን እንግዶትን ብትግራዋይነትና ዝያዳ ክንኮርዕ እዩ ጌርና እዮም ኢሎም።*

*ስለዚ ህዝቢ ምዕራብ ትግራይ ከምቲ ኩሉ ትግራዋይ ናይ ሰናይ ምምሕዳር ፀገማት ይፈትሐልና ኢሉ ካብ ምቅላስ ወፃኢ ናይ መንነት ሕቶ ዘይብሉን ትግራዋይነቱ ኣረጋጊፁ ዝሓደረን ስለዝኾነ በዚ ነቓፅ እንተረኺብና ኢሎም ዝሓስቡ ሓይልታት እንተልዮም እውን ካብ ብሕዚኡ ተስፋ ክቖርፁ ከምዘለዎም እዮም ኣረጋጎፆም።*

ርእሰ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ኣይተ ኣባይ ወልዱ ብግድኦም ኣብዚ እዋን እዚ ከምዚ ዝበለ ናይ ተመኩሮ ልውውጥ መድረኽ በቲ ሓደ ገፅ ተመኩሮ መሰረት ዝገበረ ትምህርቲ ንምውሳድ በቲ ካሊእ ገፅ ድማ ፀገማት ሰናይ ምምሕዳር ከመይ ይፍታሕ ከምዘሎ ንምርኣይን ርክብ ህዝቢ ንህዝቢ ንምጥንካርን ምችው ኩነታት ዝፈጥር ከምዝኮነ እዮም ገሊፆም።
እዚ ኣብ ድሮ 20 ጉንበት ዘካየድኩሙዎ ዑደት ልዕሊ 60 ሽሕ መስዋእቲ ህይወት ፤ልዕሊ 100 ሽሕ ድማ መጉዳእቲ ኣካል ተኸፊልዎ ዝተረጋገፀላ ዕለት ከምዝኾነትን ኩሉ መከራ ሓሊፉ ናብ ብርሃን ዘብቅዐት ምኳና እዮም ተዛሪቦም።
ህዝቢ ትግራይ ብሄራዊ ቃልሲ ኣካይዱ ኣብ ምዕራብ ትግራይ ብፍላይ ወልቃይትን ፀገዴን ቃፍታ ሑመራን ዝነበሩ ገዛእቲ ደርብታት እቲ ከባቢ ቀሪሶም ክወሃብ ብምግባር ህዝቡ ክብተን ብምግባር ክዳከምን ናብ ዘይምልከቶ ከባቢ ተፀጊዑ ክነብር ጌሮሙዎ እዮም ኢሎም።
ፀኒሑ ድማ ብ ደቡብ ትግራይ ድሕሪ ቀዳማይ ወያነ ቆሪፅካ ብምሃብ ሓይሉ ክዳኸም፣ ሰጥ ኢሉ ክግዛእ ሃቂኖም ተግቢሮሙዎ እዮም ዝበሉ ኣይተ ኣባይ ወልዱ፤ካብዙይ ንላዕሊ ድኸነትን ስደትን በርቲዑ ትምህርቲ ኣብ ዕብይ ዕብይ ዝበላ ከተማታት ፤ጥዕና እውን ብተመሳሳሊ ኣብ ኣዝዩ ዉሱን ከባቢ ጥራሕ ምንባሩ እዮም ሓቢሮም።
ብዛዕባ ልምዓት ኣናእሽቲ ከተማታትን ገጠርን ዘይሕሰብ ከምዝነበረ ዘመልከቱ ኣይተ ኣባይ ወልዱ፤ህዝቢ ትግራይ ጠምዩ ደንቍሩን ደኺዩን ስለዝነበረ ብሄራዊ ቃልሲ ከካይድ ክምእተገደደን ሓቀኛ ዕላማ ሒዙ ስለዝተቓለሰ ድማ ከምዝተዓወተን ህዝቢ ትግራይ ሳላ ዝኸፈሎ መስዋእቲ 25 ዓመታት ናይ ሰላምን ልምዓትን ዓመታት ክሪኢ ከምዝኸኣለ ተዛሪቦም።
ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ግና ድሕሪ 25 ዓመታት እውን ብብረታዊ ቃልሲ ዝተስዓሩ ሓይልታት ገለ ተረፍ መረፍ ሒዞም ነዚ ተረኺቡ ዘሎ ሰላም ክዘርጉ ሕቶ መንነት ኢሎም ግራይ ሕቶ ሒዞም ይንቀሳቐሱ ከምዘለዉን ፤ እዚ ተንኮል ጉንቦት 7ን ሻዕብያን ምኳኑ ተገንዚብና ዋላ ንእሽተይ ቦታ ክንህቦም የብልናን እዮም ኢሎም ርእሰ ምምሕዳር ኣባይ ወልዱ።
ነቲ ንሕና ኣሎ ዝበልናዮ ፀገም ሰናይ ምምሕዳር ንሶም ከምዘልዓልዎ ኣምሲሎም ብምዝራብን መባኣሲ ንምግባርን ይፍትኑ ከምዘለውን ሕዚ እውን ካልኦት ተንኮላት ክፍሕሱ ስለዝኽእሉ ነቺሕና ክንቃለሶም ይግባእ እዮም ኢሎም።ኣብ ከይዲ ነቶም ዝለኣኹዎም ኮራኹሮምን ጎተቶምን ኣብ ማይዳ ዝወግሑም ኣዛብእ ክንገብሮም ኢና እዮም ኢሎም ኣይተ ኣባይ ወልዱ ።

ንመምነቱ ተቓሊሱ ዝተዓወተ ህዝቢ ትግራይ ንዘረግቲ ቦታን ግዜን የብሉን-ነበርቲ ወልቃይት፣ ፀገዴን ቃፍታ ሑመራን ቅድም ኢሎምውን ዓለምና ኣብ 50 ዓመት ገጢሙ

ዘይፈልጥ ድርቂ ኣብ ዘለሉ እዋን ድሕሪ 25 ዓመታት ኩለ መዳያዊ ምሕዋይ ሃፍቲ ተፈጥሮ ኣናእሸተይ ቃላያት፣ ውሓዚ ፍልፍል ማይን ሓምለዋይ ከባብን ዝወነነት ኮይና ወፒአ ኣላ ጣብያ ኣብርሃ ኣፅብሃ። እዛ ናይ ዓለም ለኸ ሓምለዋይ ልምዓት ተሸላሚት ጣብያ ተወከልቲ ህዝቢ ፀገዴ፣ ወልቃይትን ቃፍታ ሑመራን ፃንሒት ገይሮም ዑደት ተከዘን ህንፀት መንገዲ ባቡር ወልዲያ መቐለ ሪኦም ትሓጉሶም ትማሊ ተሰንዩም። ብቓልስና ዝረኸብናዮ ውፅኢት ልምዓት ተጋሩ ብሓደ ልቢ ዝጀመርናዮ ልምዓት ክነጠናኽር ዝገብረና እዩ ኢሎም።

ዑደት ኣብርሃ ኣፅብሃን መዕፀዊ ትሃድሲ ፕሮግራም ምስ ኣመራርሓ ክልል







## II. <u>ንክራይ ኣካብነት ተቓሊዑ ዝፀንሓ ምሕደራ መሬት ዝዓፁ ዘመናዊ ኣሰራርሓ</u>

ሃገረ ደቡብ ኮርያ ዘመናዊ ዝኾነ ስርዓት ምሕደራ መሬት ከተማታት ካብ ዘለወን ሃገራት ሓንቲ እያ። ኮርፖሬሽን ኤል ኤክስ ተባሂሉ ዝፅዋዕ እዚ ትካል እታ'ውን ሃገር ዘመናዊ ስርዓት ምሕደራ መሬት ክህሉ ዓሊሙ ዝንቀሳቐስ 'ዩ። እዚ ትካል ኣብ ትግራይ ዘሎ ምሕደራ መሬት ዘመናዊ ክኸውን ብምግባር በርታት ክራይ ኣካብነት ዝዓፁ ስምምዕነት ተፈሪሙ ኣሎ።

ስምምዕነት ፊርማ እንትፍፀም




ትካል ኤል ኤክስ ኮርፖሬሽን ኣብ ትግራይ ዘሎ ምሕደራ መሬት ከተማታት ዘመናዊ ክኸውን፣ ኣብ ትግራይ ዝህሉ ስርዓት ዕዳጋ ቀጥታ ብቐጥታ ክፍፀም ማለት `ውን ( online market) ንክህሉ ንውልቀን መንግስታውን ንምድግፍ፣ ስርዓት ካዳስተር ኣብ ከተማታት ክጉልብት፣ ሳይንሳዊ ዝኾነ ፅንዓት መሬት፤ ክህሉ ኣብ ምድሓን ሃፍቲ ተፈጥሮ ዘሎ ስራሕቲ ተጠናኺሩ ክቕፅል፣ ኣብ ምዝገባን ምሃብ ፍቓድ ንግድን ከምኡ'ዉን ኣብ ልምዓት ሓይሊሰብን ካልኦት ምሕዝነታዊ ስራሕትን ኣድሂቦም ርእሰ ምምሕዳር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ምስ ፕሬዚዳንት ኤል ኤክስ ዶክተር ዮንግ ፒዮ ኪም ሰነድ ስምምዕነት ስራሕ ተፈራሪሞም።

ርእሰ ምምሕድር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲት ትግራይ ክቡር ኣይተ ኣባይ ወልዱ ስምምዕ ሰነድ እንትፈራረሙ መንግስቲ ደቡብ ኮርያ ኣብቶም ዝሓለፉ ዓመታት ኣብ እነሳልጠም ዝነበርና ልምዓታዊ ስራሕቲ ምስ ኮይካ ዝተባህለ ልምዓታዊ ትካልን ካልኦት ትካላት መንግስቲ ኮርያን ብሓባር ብምኻን ኣብ ትምህርቲ፣ ጥዕና፣ መሰልጠኒ ቴክኒክን ሙያን፣ ምምላእ ቀረብ ፅሩይ ዝስተማይ ትኹረት ብምግባር ሰፋሕቲ ስራሕቲ ክስርሑ ዝፀንሑ ኮይኖም፤ ደቡብ ኮርያውያን ዓርሰ ተበግሶ ወሲዶም ኣብ ትግራይ ይሰርሑ ምህላዎም `ውን ኣብቲ ዕለት ገሊፆም።

ርእሰ ምምሕድር ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ክቡር ኣይተ አባይ ወልዱ እቲ ሰነድ ስምምዕነት ኣብ ልምዓት ከተማ ዓብይ ኣበርክቶ ዝህልዎ ኮይኑ ብፍላይ ኣብ ምምሕዳር መሬትን ፕላን ከተማታትን ዘሎ ዓብይ ክፍተት ብምዕባስ ምሕደራ መሬትና ዘመናዊን ስርዓቱ ሓሊዩን ክውገን ኣብ ምግባር ካብ ደቡብ ኮርያ ዓብይ ተመኩሮ ክንወርስ ዝገብረና እዩ። ደቡብ ኮርያ ስርዓት ምሕደራ መሬታ ብዘመናዊ መንገዲ ብምሓዝ ስሉጥ ልምዓት ኣብ ምርግጋፅ ትርከብ። ንሕና ‵ውን ካብዚ ዓብይ ተመኩሮ ክንወስድ ንደሊ ብምባል መንግስቲ ትግራይ ምስ መንግስቲ ደቡብ ኮርያ ሓቢሩ ንምስራሕ ቅሩባት ኢና ኢሎም።

ኢትዮጵያውያን ኣብ እዋን ኲናት ኮርያ ንህዝቢ ደቡብ ኮርያ ደገፎም ዝገለፁ ኮይኖም መንግስትን ህዝብን ኮርያ ክብሪ ኣለዎም ዝበሉ ፕሬዚዳንት ኤል ኤክስ ዶክተር ዮንግ ፒዮ ኪም ብወገኖም ነዚ መሰረት ብምግባር ፕሬዚደንት ኮርያ ኣብ ኣፍሪካ ኣብ ዝገብረኦ ዑደት ፈላማይ ዑደተን ብኢትዮጵያ ከም ዝገብራ ገሊፆም።

ፕሬዚዳንት ኤል ኤክስ ዶክተር ዮንግ ፒዮ ኪም ኣብ ዘረበኦም መንግስቲ ኢትዮጵያ ሓንፂሙዎ ኣብ ዘሎ ካልኣይ ትልሚ ዕብየትን ስግግርን ንምዕዋት ምሕደራ መሬት ብዘመናዊ መንገዲ ክትሓዝ ኣለዎ። እዚ ንምዕዋት ኤል ኤክስ ሳይንሳዊ ፅንዓት መሬት፤ መንግስቲ ኮርያን ኣብ ጎንኹም ብምስላፍን ተመኩሮኡ ብምሕላፍን ኩለመዳያዊ ሓገዝ ብምግባር ዝተሓላለኸ ስርዓት ምሕደራ መሬት ንከይህሉ ኣብ ትግራይ ንምስራሕ ዝተፈራረምናዮ ሰነድ ስምምዕነት ስራሕ ዕውት ንምግባር ምስ መንግስቲ ከምኡ′ውን ኣብ ታሕቲ ዘሎ ክፋል ሕብረተሰብን ስሙር ግንባር ብምፍጣር ሽትኡ ክወቅዕ ክንገብር ኢና ኢሎም።

III. ግንቦት 20 ሰላምን ደሕንነትን

ኣብ ትግራይ ብዓል 20 ግንቦት ነዚ ከምዚ ዝበለ ኩቡር ግደ ህዝቢ ትግራይን መሪሕ ውድቡን ብዝምጥን ኣገባብ እቲ ብዓል ክነኽብር ከለና ብመሰረቱ ኣብ ዝሓለፉ 20 ዓመታት ዘመዝገብናዮም ዓወታት እናስተማቐርና ነቶም ጉድለታትና ከየናሕሰና ክንእርሞም ዝጀመርናዮ ምንቅስቓስ ብምጥንኻር ምኻኑ ድማ ከንቲባ ከተማ መቐለ ኣይተ ዳንኤል ኣሰፋ ህዝቢ ከተማ መቐለ ኣብ ዘካየዶ ሰለማዊ ሰልፊ ገሊፆም። እዚ ናይ ሰላምን ደሕንነትን ብዓልና ዝረኸብናዮ ሰላም ንሕድሕድና ዘለዎ ረብሓ ተረዲእና እቲ መንእሰይ ወለዶ ከስተማቕሮ ክንገብር ኣለና። ሰላምና ዘላቒ ኾይኑ ዝቐፀለሉ ቀንዲ ምሽጥር ናይ ህዝብና ወሳኒ ተሳትፎ ስለዝዓረፎ እዩ። ስለዚ ድማ እዚ ተሳትፎ ህዝብና ብምሕያል ዘላቒ ሰላምና ንስሉጥ ምዕባለና

**ዘለዎ ኣስተዋፅኦ ክነሓይል ይግባእ እውን ኢሎም። ካብ ብዙሕ ፍፃመታት ድሮ ግንቦት** 20 **ኣብ ትግራይ ብኽፋል ነዘን ክልተ ቆንጢረ ኣቕሪበ ኣለኹ። ሰላም።**